Folkhälsomyndigheten

# ክትገይሽ መደብ እንተለካ

## መደብ መገሻ ምስ ዝህልወካ ክሕሰበሎም ዘለዎም ምኽርታት ኣብ'ዚ ሰፊሮም ኣለዉ።

## ኣብ መገሻታት ውሽጢ-ሃገርን ኣብ ካልእ ቦታ ንግዚኡ ኣብ ዝጽንሓሉ እዋንን

ኣብ መገሻኻ ምስ ትሓምም ነብስኻ ክትከናኸና ምኽኣል ኣገዳሲ እዩ። ኣብ ካልእ ቦታ ከለኻ ምስ ትሓምም ወይ ክሳብ ትሓዊ ኣብኡ ኣብ'ቲ ዘለኻዮ ቦታ ምጽናሕ ወይ ከኣ ካልእ ሰብ ካብ ሓደጋ መልከፍቲ ብዘይዳረጉሉ ውሑስ መንገዲ ናብ ቦታኻ ምምላስ። ናብ ቤትካ ክትምለስ ከለኻ ከም ኣውቶቡስ ወይ ባቡር ዝኣመሰሉ መጐዓዓዝያ ህዝቢ ኣይትውሰድ።

ቅድሚ ምጋሽካ ነቶም ክሕሰበሎም ወይ ክትከታተሎም ዘለዉኻ ነገራት ንምፍላጥ ነታ መገሻ ተዳሉ ትካልን ነታ ናትካ ኢንሹራንስ ተወከስ።

ለበዳ ኮቪድ-19 ኣብ'ታ ትገሸላ ቦታ ክላባዕ ከም ዝኽእል ኣይትዘንግዕ። ምስ ዝላባዕ ድማ ኣብ'ቲ ቦታ ብህጹጽ ትእዛዛትን ክልከላታትን ክተኣታተዉ ይኽእሉ እዮም። ናብ ቦታኻ ናይ ምምላስ ተኽእሎታት ድማ ክጽለዉ ይኽእሉ እዮም። ካብ'ቲ ዝመደብካዮ ንላዕሊ ኣብ'ቲ መገሻ ክትጸንሕ እንተ ኾይንካ፡ መንበሪ ቦታን መምለሲኻ ትራንስፖርትን ከተዳሉ የድሊ። መጋይሽትኻ ምስ ዝሓምም እንታይ ክትገብር ከም ዘለካ'ውን ብደንቢ ሕሰበሉ።

ነቶም መገሻ ዝምልከቱ ብሃገርን ብዞባን ደረጃ ዝወሃቡ ለበዋታት ተኸታተሎም። ነፍሲ ወከፍ ገያሻይ በቲ መገሻ ዘዳሉን በቶም መሕደሪ ከም ሆቴል ዝኣመሰሉ ዘቕርቡ ትካላት ዝወሃቡ ምኽርታትን መምርሕታትን ክስዕቦም ይግባእ።

## ኣብ መገሻታት ወጻኢ-ሃገር

ብቐዳምነት ነቲ ሚኒስትሪ ወጻኢ-ጉዳያት ብዛዕባ መገሻ ወጻኢ-ሃገር ዝህቦም ሓበሬታታት ተመልከቶም። ኣብ መካነ-መርበብ (ዌብሳይት) ኤምባስታት ሽወደን Sweden Abroad ብዛዕባ ኣብ ዝተፈላለያ ሃገራት ዘለዉ ሓበሬታ ድንጋገታት ክትረክብ ትኽእል ኢኻ። እታ ናይ ሚኒስትሪ ወጻኢ-ጉዳያት resklar ትበሃል ኣፕ(ፕሮግራም ናይ ሞቢል) ኣብ'ቲ ትገሸሉ ሃገር ክትከታተሎም ዘለካ እንታይ ምዃኖም ኣቕሊላ ኣቕሪባቶም ኣላ።

ትገሸሉ ቦታ ብዘይገድስ ከም ገያሺ ውልቀ-ሰብ መጠን ዓቢ ሓላፍነት ኣለካ። ነፍሲ ወከፍ ገያሻይ ኣብ'ታ ዝገሸላ ዘሎ ሃገር ነቶም ገይሾም ዝመጹ ዝምልከቱ ድንጋገታት ብደንቢ ክፍለጦምን ነቶም ኣብ ቦታታት ብዞባውያን ቤ/ጽሕፈታት ዝወሃቡ ምኽርታትን መምርሕታትን ድማ ክስዕቦም ይግባእ። ብዛዕባ ኣብ'ቲ ገሽካዮ ዘለኻ ቦታ ዘሎ ለበዳ ዝያዳ ሓበሬታ ምስ ዝድለ ኣብ መካነ-መርበብ ናይ እቶም ዞባውያን ቤ/ጽሕፈታት ክትምልከቶም ትኽእል ኢኻ።

ዓለምለኻዊ ውድብ ጥዕናን(WHO) በዓል መዚ ኤውሮጳዊ ምክልኻል ለብዕን(ECDC) ሓበሬታ ናይ'ቲ ኣብ ዓለም ዘሎ ምስፍሕፋሕ ለበዳ ጸብጻብ ኣዳልዮም ቀሪቦም ኣለዉ።

## ኣብ መገሻ ከለኻ ምስ ትሓምም ወይ ቀቅድሚ ምጋሽካ ምስ ትሓምም

እንተ ሓሚምካ ኣይትግሽ። ኣብ ወጻኢ ከለኻ ምስ ትሓምም፡ ክሳብ ምሉእ ትሓዊ ካብ መገሻ ናብ ቦታኻ(ዓድኻ) ኣይትመለስ። ሓዊኻ ኢኻ ተባሂሉ ምስ ተረጋገጸ ነቶም ኣብ'ቲ ገሽካዮ ዘለኻ ቦታ ዘለዉ መምርሕታት ተኸታተሎም። ከከም ኣብ'ቲ ገሽካዮ ዘለኻ ዘለዉ ድንጋገታት(ደንብታት)፡ ንኣብነት ምልክት-ሕማም ኮቪድ-19 ምስ ዝህልወካ ወይ እወታዊ ውጽኢት PCR-መርመራ ምስ ተርኢ ወይ'ውን ምስ እወታዊ ውጽኢት ዘርኣየ ሰብ ምስ ትቀራረብ(ትራኸብ) ናብ ዓድኻ ናይ ምምላስ ዕድል ክንፈገካ ይኽእል'ዩ።

**Solna** Folkhälsomyndigheten, SE-171 82 Solna. Besök: Nobels väg 18. **Östersund** Folkhälsomyndigheten, Box 505, 831 26 Östersund.
Besök: Campusvägen 20. Telefon 010-205 20 00 E-post info@folkhalsomyndigheten.se www.folkhalsomyndigheten.se

## ካብ ወጻኢ-ሃገር ናብ ሽወደን ምጋሽ

ኣብ ሽወደን ነቶም መምርሕታትናን ሓፈሻውያን ምኽርታትናን ብምስዓብ ንባዕልኻን ንኻልኦትን ካብ ምልባዕ ክትከላኸል ኣለካ። ሽወደን ኣብ ልዕሊ እቶም ካብ ወጻኢ-ሃገር ናብ ሽወደን ዝመጹ ገያሾ ክውሸቡ ወይ ምርመራ-ጥዕና ከካይዱ ዝብል ጠለባት የብላን።

## በረራዊ መገሻ(መገሻ ብመንገዲ ኣየር)

ዓለምለኻዊ ማሕበር መጕዓዝያ ኣየር(IATA) ኣብ በረራዊ መገሻ መከላኸሊ-ኣፍ ናይ ምጥቃም ጠለብ ኣለዎ። እታ ትበረላ ኣየር-መንገድ ብዛዕባ መከላኸሊ-ኣፍ ዘለዉዋ ደንብታት ንምፍላጥ ተወከሳ።

መከላኸሊ-ኣፍ ምስ ትጥቀም፡ እቲ መከላኸሊ ቅኑዕ ዓይነት መከላኸሊ ምዃኑን ብትኽክል ክትጥቀመሉን ኣገዳሲ'ዩ። ኣብ መካነ-መርበብ(ዌብሳይት) ናይ WHO መከላኸሊ-ኣፍ ብኸመይ ከም ትጥቀመሉ ብስእልታት ዝተዓጀቡ ሓበሬታታት ክትረክብ ትኽእል።

## ናይ መገሻ ወረቐት-ምስክር(ሰርቲፊኬት)

ብዙሓት ሃገራት ገይሽካ ኣብ ሃገረን ክትኣቱ እንተ ኾይንካ ኮቪድ-19 ከም ዘይብልካ ወረቐጥ-ምስክር(ሰርቲፊኬት) ከተርኢ ይጠልባ እየን። ካልኦት ሃገራት ድማ ዜጋታተን ናብ ዓዶም ክምለሱ ከለዉ ካብ ምውሻብ መታን ክድሕኑ ወረቐት-ምስክር ይጠልባ።

ቤ/ጽ ሕዝባዊ ጥዕና ነተን ንመገሻ ዝኸውን ወረቐት-ምስክር ንምርካብ መርመራ ከካይድ ንኽእል ኢና ዝበላ ኣገልግሎተን ብዲጂታላዊ(ብኢንተርነታዊ) ዝህባ ትካላት ጥዕና ዘርዚርወን ኣሎ። ኣሉታዊ ውጽኢት PCR-መርመራ ኣብ'ታ ትምርመረላ ዘለኻ እዋን ቀጻሊ ረኽሲ ከም ዘይብልካ ይሕብር።

## ኣብ መገሻ ከለኻ ክትሓስበሎም ዘለዉኻ ነገራት

ኣብ መገሻ ወጻኢ ሃገር ከለኻ ለበዳ ከይላባዕ ንምክልኻል ነቶም ሽወደናውያን ኣብያተ-ጽሕፈታት ዝህብዎም ሓፈሻውያን ለበዋታት ክትከታተሎም ኣለካ - ርሕቐትካ ምሕላው(ፍንትት ምባል)፡ ምስ ትሓምም ካልኦት ሰባት ካብ ምርካብ ምቊጣብን ጽሬት ኣእዳውካ ብደንቢ ምክትታል። ነፍሲ-ወከፍ ገያሺ ነቶም ዞባውያን ኩነታት ብደንቢ ክፈልጦምን ነቶም ብዞባውያን ኣብያተ-ጽሕፈታት ኣብ ፍሉያት ቦታታት ዝወሃቡ ምኽርታትን መምርሕታትን ድማ ክከታተሎም ይግባእ።

ኣብ ሓንቲ ሃገር ዘሎ ኩነታት ምስፍሕፋሕ ለብዒ ኮቪድ-19 ብቕጽበት ክቀያየር ይኽእል'ዩ። ናብ ቦታኻ(ዓድኻ) ንኽትምለስ ዘሎ ተኽእሎታት ዝጸሉ ዝበኣሰ ኩነታት ምስ ዝፍጠር፡ ከሎ ጌና መደብ ኣውጺኻ ተዳሊኻሉ ክትጸንሕ ይግባእ። ደሓር ከኣ ኣብ ድሮ ናብ ቦታኻ ክትምለስ ኣብ ትቕረበሉ እዋን ምናልባት ናይ ምምርማርን ምውሻብን ዝብሉ ዝተፈላለዩ ጠለባት ክህልዉ ይኽእሉ እዮም። ኣብ'ታ ዘለኻያ ሃገር ዘለዉ ጠለባት ካብ ግዜ ናብ ግዜ ክቀያየሩ ይኽእሉ እዮም። ካብ'ቲ ዝመደብካዮ እዋን ንላዕሊ ኣብ መገሻ ምስ ትጸንሕ መንበሪ ቦታን ድሒሩ ድማ ናብ ዓድኻ ትምለሰሉ መጕዓዓዝያን ግድን ባዕልኻ ከተዳሉ ኣለካ። ኣብ'ዚ ቀረባ እዋን ዝግበር መገሻ ምስ ዝህልወካ ሕቶታት ምስራዝ ወይ ምቕያር ትኬትን ካልኦት ንዓኻ ዝምልከቱ ሕቶታት ምስ ዝህልዉኻ፡ ነቲ መገሻ ዘዳሉን ነታ ናትካ ኢንሹራንስ ኩባንያን ተወከሶም።

ኣብ ኣህጉራዊ ትራፊክ ትነጥፍ መጕዓዓዝያ ሕዝቢ(ነፋሪት-ኣየር ወይ መርከብ)ኣብ ውሽጣ ምስፍሕፋሕ ለበዳ ምስ ዘጋጥም፡ ዶብ ኣብ ትሰግረሉ ቦታ በቶም ዞባውያን ሰብ መዚ ብኹላ እታ መጕዓዓዝያ ክትውሸብ ትእዛዝ ክወሃባ ይኽእል እዩ።

ንኣብነት ሓንቲ ተውዘግዛጊት መርከብ(cruiser) ምስ ትውሸብ፡ ንስኻ ከም ገያሻይ(ተጕዓዛይ) ነታ መርከብ ገዲፍካያ ክትወጽእ ዕድል ኣይህልወካን።

## ተወሳኺ ሓበሬታ ኣንብብ:

ንባዕልኻን ንኻልኦትን ካብ ለበዳ ተኸላኸል

መካነ-መርበብ(ዌብሳይት) ሚኒስትሪ ወጻኢ ጕዳያት(UD)

ሚኒስትሪ ወጻኢ ጕዳያት(UD) ካብ ምጋሽን ክትቝጠብ ኣለካ ዝብለን ሃገራት(ብሽወደንኛ)

Sweden Abroad – ኣብ ዝተፈላለያ ሃገራት ዘለዉ ድንጋገታት ብኣምባሳደራት ሽወደን ዝወሃብ ሓበሬታታት

Resklar - ሓበሬታ መገሻታት ዘለዋ ናይ ሚኒስትሪ ወጻኢ ጉዳያት(UD) ኣፕ(ናይ ሞባይል ፕሮግራም)

Visit Sweden - ብዛዕባ ቫይረስ-ኮረና ናብ ሽወደን ዝመጹ ገየሽቲ ዝወሃብ ሓበሬታ

ዓለምለኻዊ ማሕበር መጕዓዝያ ኣየር(IATA)

ሕዝባዊ መጕዓዓዝያ ተጠቀም

**Solna** Folkhälsomyndigheten, SE-171 82 Solna. Besök: Nobels väg 18. **Östersund** Folkhälsomyndigheten, Box 505, 831 26 Östersund.
Besök: Campusvägen 20. Telefon 010-205 20 00 E-post info@folkhalsomyndigheten.se www.folkhalsomyndigheten.se